## ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ኣካል

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ - ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

## هيئة التنسيق المشتركة

الحـزب الديمقراطي الارتري - حزب الشعب

**JOINT CO-ORDINATION BODY**

**ERITREAN DEMOCRATIC PARTY- ERITREAN PEOPLE'S PARTY**

### ጋዜጣዊ መግለጺ

### ኣወሃሃዲ ኣካል ሰሜን ኣመሪካ መደባታ ሰሪዓ

<u>መእተዊ</u>፥ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራን ናይ ሓድነት መደብ ንምትግባር ብደረጃ ናይ ክልቲኡ ሰልፈታት መሪሕነታት ዝቘመ ላዕላይ ኣወሃሃዲ ኣካል ከምዝቖመን ኣብ ትሕቲኡ ዝሰርሓ ዞናዊ ኣወሃሃድቲ ኣካላት ከምዝተመዘዛን ኣቐዲሙ ዝተገልጸን ዝተፈልጠን ጉዳይ እዩ። በዚ መስርሕ እዚ መሰረት ኸኣ ብሸዱሸተ (ሰለስተ ኣባላት ካብ ነፍሲ ወከፍ ሰልፊ) ዝቖመት ኣወሃሃዲት ኣካል ሰሜን ኣመሪካ ምምስራታ ንህዝብና ተሓቢሩ ጸኒሑ ኢዩ። እዛ ኣወሃሃዲት ኣካል ነቲ ብላዕለዋይ ኣውሃሃዲ ኣካል ዝወጸ መምሪሒታት ኣብ ተግባር ተውዕልን ነቲ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ናይ ምውህሃድ መደብ እትመርሕን ኣካል እያ።

<u>ሓፈሻዊ ኣስተዋጽኣዊ ኣሳልጦታት</u>፥ እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይዛ ኣወሃሃዲት ኣካል ናይ ዞና ሰሜን ኣመሪካ እቲ ዝግበር ሓድነት ናይ ክልቲኡ ሰልፊታት ብዝተኻእለ ብኹሉ መሰረታትን ተደናገጽትን ብዕግበት ዝተደገፈን ንዝኾነ ክህሉ ዝኽእል ሕቶታት ዝመለሸን ኮይኑ ነባሪ ዝኾነ ሓድነት ንምትግባር እዩ። ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ሞራል ናይ ህዝብና ዝተንከፈን ብኡኡ ኣቢሉ ኸኣ ህዝብና ናብ ተቓውሞ ንኽይጽንበር ሰጋእታ ዝፈጠረን ናይ ምፍንጫል ተሞክሮ ንምቕያር ዝሃቀነ ጥንቃቐ ዝመልኦ ኣገባብ እያ ትኽተል።

<u>ናይ ስራሕ መደብ</u>፥ ንስራሕ ክጥዕም ኣባላት ኣወሃሃዲት ኣካል ሰሜን ኣመሪካ ናይ ስራሕ መደብ ብምክፍፋል ነብሶም ሰርዑ። ድሕሪ ነብሶም ምስራዕ ኸኣ ናይ ስራሕ ቅደም ተኸተልን መደብ ዕዮታትን ኣውጽኡ።

- ቀዳምነት ዝሓዘ ቀንዲ መደብ ናይዛ ኣካል እዚኣ ብደረጃ ጨንፈራትን ጉጅለታትን ምልላይን ናይ ኣባላት ናይ ሓባር ኣኼባታት ምክያድን እዩ። ኣብዚ ኣኼባታት'ዚ መባእታዊ ኣርእስቲ ካብ ላዕለዋይ ኣወሃሃዲት ኣካል ዝወጸ ናይ ስራሕ መደብ ዕዮ ኮይኑ ዘለዎም ሕቶታት ዝሓትሉን ርእይቶታት ዘመሓላልፍሉን መደብ እዩ።
- ብኻልኣይ ደረጃ ኸኣ እዚ ኣኼባታት'ዚ ቅድሚ ስምረት ክልቲኡ ሰልፍታት ኣባላት ኣብ በቦትኡ ኣብ ሓደ ጉጅለን ጨንፈርን ኮይኖም መሪሕነታቶም ክመርጹን ብሓደ ክሰርሑን ንምልምማድ ዝዓለመ እዩ።
- ነዚ ንኽጥዕም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማታትን ከባቢኡን ናይ ሰሜን ኣመሪካ ካብ መሪሕነታት ጉጅለታትን ጨናፍርን ዝቖማ ንኡሳን ኣወሃህዲቲ ኣካላት ተመስሪተን ኣለዋ። ብኡኡ መጠን ከኣ ነቲ ናይ ምውህሃድ ኣኼባታት ክሰርዓን ክመርሓን ጀሚረን ኣለዋ።

ናይ መጻኢ መደባት፡ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ኣወሃሃዲት ኣካል ነዚ ዝስዕብ ናይ መጻኢ መደባት ኣውጺኣ ትርከብ፡

- ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ጉጅለታትን ጨናፍርን ኣኼባታት ከምዝትግበርን ቀጻልነት ከምዝህልዎን ምርግጋጽ።
- ድሕሪ ናይ ሓባር ኣኼባታት ኣባላት፡ ናይ ሓባር ፕሮጀክት እንዳእውጻእካ ብሓንሳእ ከምዝሰርሑ ምግባር።
- ካብ ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታት ርእይቶታትን ለበዋታትን ምእካብ።
- ኣብ መወሃሃዲ ጉባኤ ዝቐርብን ዝጸድቕን ናይቲ ዝቐውም ሓዱሽ ሰልፊ ህንጻ ሕጊ ወይ ኮንስቲቱትሽን ድራፍት ምምይያጥን ርእይቶታት ኣባላት ምእካብን።

መደምደምታ፡ እዚ ስምረት ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት ነቲ ህግደፍ ዝጥቀመሉ ዘሎ ናይ ጀብሃን ሻዕብያን ዝብል ፍልልይ ዝሰብር ኮይኑ፣ ኣብ ዝሓለፉ ፍልልያትና ከይተጸምድና ንመጽኢ ንጥምተሉ እሞ ህዝብና እውን እቲ ፍልልይ ናይ ታሪኽ ኣብቂዑ ናይ መጻኢ ዕድል ህዝብናን ሃለዋት ሃገርናን ዘተኹረሉ መድረኽ ንምኽፋት እዩ። ብመሰረቱ ኸኣ ሕጂ ንኣዕናዊ ተግባራት ህግደፍ ንምምካት እቲ ብመትከልን ፕሮግራምን ዝመሳሰሉ ሓይልታት ኣብ ሓደ ክጥርነፉ ዝብል ናይ ኩሉ ተቓውሞን ህዝብናን ትምኒት ተግባራዊ ንምግባር እዩ። እዚ ነቲ ናይ ተቓውሞ ጽላል ኪዳን ዘሓይልን ናይ ምውህሃድ ስራሕ ዘቃልልን መደብ ምዃኑ ንህዝብና ብሩህ ክኸውን ንደልዩ።

መጸዋዕታ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ፡

- ነዚ ናይ ሓድነት ጉዕዞ ተግባራዊ ንምግባር ካብ ህዝብና ዝቐርበልና ዘሎ ምትብባዕን ሞራላዊ ደገፍን ነሞጉስ። ምትብባዕኩም፡ ሕቶታትኩም፡ ነቐፌታትኩም፡ ምኽርታትኩምን ደገፍኩምን ከይፍለየና ነማሕጽን።
- ኣብ ሃገር ጓኖት (ዲያስፖራ) እትርከብ ኤርትራዊ፡ ናይ ህዝብና ሓሳረ መከራን ናይ ሃገርና ሓፈሻዊ ሃለዋትን ኣዕንቲኻ ክትዕምተሉን መመኽነይታ ክትህበሉን ኣብ ዘይትኽእል ደረጃ በጺሑ ስለዘሎ፣ ኣብ ጎኒ ጭቁን ህዝብኻ ደው ክትብል ንጽውዕ።
- ሰራዊት ኤርትራ፡ ቀንዲ ረኻቢ ናይቲ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ሕሰም ስለዝኾንካ መግለጺ ዘድልየካ ኮይኑ ኣይስማዓናን። እንተኾነ ግን ንሃገርካ ምክልኻልን መሳርሒ ናይ ውልቀ መላኺን ተሓባባርቱ ጀነርራላቱን መራሕቲ ህግደፍን ምዃንን ፈላሊኻ ርኢኻ፡ ኣብ ናይ ህዝብኻ ሓርነት ግደ ክትጻወት ጸዋዕታና ነቕርብ። ኣብዚ ግዜዚ መላእ ስዉኣት ሰውራ ኤርትራ ዝወደቕሉ ዕላማታት ኩሉ ተጠሊሙ፣ ተረባሕቲ በጻብዕቲ ዝቕጸሩ ናይ ህግደፍ መራሕቲ ጥራሕ እዮም ኰይኖም ዘለዉ። ፍሉጣት መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሩ፡ ሎሚ ኣብ ጸሓይ ዘይርእይሉን ድምጺ ሰብ ዘይሰምዕሉን ጕዳጓድ ተሓይሮም ከምዘለዉ ምዝካር እኹል እዩ።

ራህዋ ንህዝብ

ዝኽሪን ሞገስን ንሰማእታትና

28.02.2009